መንዩ ናይ ቀርኒ ኣፍሪቃ ኢቦላ
መራሒ ጭፍራ ህግደፍ ጉሒላ
ማፍያዊ ጉጅለ ሐሐሊፉ ንኹላ
ንቀርኒ ኣፍሪቃ እሾኽ ዘሪኡላ‘

ኤርትራ ከይተቖርመመታ
ካብ ዉሽጡ ሑሩር መጸዋዕታ
ይካኣሎ ዋርሳይ ክትብሉ ቱታ
ኤርትራ ክትምራሕ ብዋናታታ‘



ንሕና ንሱ ጥዉያት ጨርቂ
ጠፊእና ለሚዕና ምስ ጻይቒ
ህላዌና ምስ ወዲ ኣፈወርቂ‘

ብሰንኪ ንቁጽ ይነድድ ርሑስ
ናይ ወረርቲ ኢትዮጵያ ባንዴራ
ብ;ኣውሊዔይ መለይ ተሳዒራ
ዶክተር ኣብዪ ኣብ ኤርትራ
ቦታ የለን ንባንዴራ ነምሐራ‘‘



ጻረ ኢሱ ኣቢዪ ሸጥ ማዓንጣኻ
ደላይ ፍትሒ ክትበትኮ ንማሕለኻ
ኤርትራዊት ኣደ ትጽብ ኣላ ነዓኻ‘

ዶክተር ደብረጽዮን ዶክተር ኣብዪ
ሐደ ንባድመ ሐደ ንዓሰብ ይጎዪ
ትግራዋይ ነጋዳይ
ዳዊት ብገንዘቡ ተንኮል ይዓዪ‘

ተሐጺብካ ናብ ጭቃ

ብጋኔን ኢቦላ ቀርኒ ኣፍሪቃ
ኤርትራ ዓዲ ጀጋኑ ተናዒቓ፣

ኣቢዩ ኣይተብዝሕ ፋጻ
መርከብ ኢትዮጵያ ዓሚጻ
ኣብ ባጽዕ ጥሒሳ ያ ይቅበጻ፣

ኣብ ኤርትራ ዝፈረየ ጥንቢ
ደም ተኺሉሉ ንዘዕበዮ ህዝቢ
ምስ ኢትዮጵያ ኣንድነት እንቢ፣

ስልጣን ንኣቢዩ ክዕድሎ
ተዓዊተልኩም ይብለና ኣሎ
ካብ ሱሩ ክንምሕዎ ንዳሎ፣

ንኤትዮጵያዊያን መፍተቶም
ትንፋስ ሲኹዑሉ ንስዕረቶም
ዳግማይ ንኤርትራ ጠሚቶም፣

ኤርትራ ንኤርትራዊያን ይኹን መዝሙር
ብደገን ብውሽጥን ዕምሪ ጃንዳ ክሕጽር
ኤርትራ ምስ ጎራባብታ ቀሲና ክትነብር
ትግራይ ትግርኛ ዝብል ንመረብ ክሰግር፣

ዓወት ነቲ ደም ዝነብዕ ዘሎ ህዝቢ ኤርትራ፣ክብርን ሞጎስን ንጀጋኑ ሰማእታትና፣ስዕረት ንጃንዳ ህግደፍን ዓንገልቶምን፣ካብ ዉሽጢ ሑሩር፣ኣባል ተሐኤ በርሀ ዑቅባዝጊ ሃገር ጀርመን።